# ንገዛይ ሰለስተ ግዜ ተሳሊመ ተፋኒየያ

## ራብዓይ ክፋል

ሰላም ከመይ ቀኒኹም ዝኸበርኩም ሰማዕቲ/ኣንበብቲ፡ ሎሚ'ውን ካብ'ቲ ብርሃነ ወዲ ጋሽ ባርካ "ኤርትራዊ ሓጎስ ክረክብ ኩሉ ግዜ ኣብ ጉዕዞ" ብዝብል ኣርእስቲ ንውዕሎኡ፡ ብደሆታቱ፡ ትዕዝብቱን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘለዎ ድሌትን ድልውነትን ኣመልኪቱ ኣብ ፈይስቡክ ዘመሓላልፎ ዘሎ መልእኽትን ኣይወጻእኩን። ስለምንታይ'ሲ ብርሃነ ኣብ ናይ ስደት ጉዕዞኡ ካብ ዝተዓዘቦ ተበጊሱ ብዙሕ ትምህርቲ ክሕፈሰሉ ዝኽእል ቁም-ነገር ኣስፊሩ ስለ ዘሎ። ኣብ ዝሓለፈ ሳልሳይ ክፋል ደብዳቤ ኣስፈረዮ ካብ ዘለኹ ንኣብነት፡ ኣብ ከባቢ'ቲ ንሱ ዝኣተወሉ ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት ህንጻጽ ኣብ መንጎ ዕጡቕ ክፍልታትን ህዝብን ዘሎ ዝምድና፡ ዘይከምናትና፡ ፖሊስን ጸጥታን ረኣኹ ኢሉ ዝብህርር ቀልባዕባዕ ዝብል ህዝቢ ኣይረኣኹን። እቶም ዕጡቓት ክፍልታት ካብ'ቲ ህዝቢ ብኽዳኖም ጥራሕ ኢኻ ትፈልዮም። እቲ ፖሊስ ድዩ ጸጥታ ሰብ ከጋፍዕ ኣይትሪኦን። ህዝቢ ድማ ክፈርሖም ክሃድም ኣይትሪኦን። ኩሎም ተረጋጊኦም ተወሃሂዶም ሰስራሖም ክሰርሑ ተዓዚበ። መንእሰያት ብብዝሒ ተኣኪቦም ክጻወቱ ርእይ'የ ተገሪመ። ዋእ መንግስቲ ገለ ኣይብሎምን? ኣይግፈፉን? ኢለ ድማ ሓቲተ። ናትናን ናትኩምን በበይኑ'ዩ። ኣብ ሃገርና ዘሎ ፖለቲካዊ ስርዓትን ኣብ ሃገሩም ዘሎ ፖለቲካዊ ስርዓት ብባህሪ ኣይራኸቡን። ዝኸተልዎ ፖሊሲ ድማ በበይኑ'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ሓደ መንእሰይ ወይ ዜጋ ወተሃደር ክኸውን እንተደልዩ ተገዲዱ ዘይኮነስ ኣብ ሰናይ ፍቓዱ'ዩ። ንሱ ስለ ዝደለየ ጥራሕ ተቐባልነት ይረክብ ማለት'ውን ኣይኮነን። መንግስቲ ዘቐመጦ መምዘኒታት ኣሎ። ካብ ቁመቱ፡ ደረጃ ትምህርቱ፡ ጥዕናኡ ካልእ ስነ-ምግባሩ ጀሚርካ ዝቐርበሉ ሕቶታትን ዝግበረሉ ምርመራታትን ኣሎ። ነዚ እንተማሊኡ ይኣቱ። እንተዘየማሊኡ ግን ተቐባልነት ኣይረክብን ኣይኣቱን ዝብል መልሲ ከም ዝረኸበን ምስ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ከነጻጽሮ ፈቲኑ ሰማይን መሬትን ከም ዝኾና ምግላጹን ሓቢረ ነይረ።

እቲ ንብርሃነ ሰማይን መሬትን ዝኾና ፍልልይ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ምስ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ምስ ካልእ ከተወዳድሮ እንተፈቲንካ'ውን መዛና ዝርከቦ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ሰላም የለን። ደሞክራሲ የለን። ሕጊ የለን። ህዝባዊ መንግስቲ የለን። ኢሳያስ ብኢደ ወነኑ ዝነገሰ ንጉስ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ መሰል ዘይብሉ ህዝቢ'ዩ። ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ'ዩ ንብርሃነ ዕጡቓት ክፍልታትን ህዝብን ተሓዋዊሶም ክኸዱ፡ መንእሰያት መን ኢኻ ዝብሎም ዘይብሎም ከም ቃሕታኦም ተኣኪቦም ክጻወት። ነብሶም ክመርሑ ክሰርሑ ምስ ረኣየ ከምዚ'ውን 'ዶ ኣሎ'ዩ ኢሉ ክግረም ዝገበሮ። እዚ መልእኽቲ'ዚ ከም ሰብኣውያን ፍጡራት ከም ህዝብታት ከም ሃገር እናነጻጸርና ልቢ ኢልና እንተኣስተማቒርናዮ ኣእምሮኻ ዘናውጽ፡ ክዳንካ ዘደርቢ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዝፈጥር'ዩ። መንእሰይ ብርሃነ ኣብ ኤርትራ እንከሎ ዝረኣዮን ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጸም ዝነበረ ኢ-ሰብኣዊ ተግባራትን፡ ብዛዕባ መንግስቲ ኢትዮጵያን ካልኦት መንግስታትን ዝኽተልዎ ፖሊስን ምስ ህዝቦም ዘለዎም ዝምድናን ኣመልኪቱ ዝነገሮ ዝነበረን ብተግባር ዘጋጠሞን ከብድን ሕቖን ኮይኑ ምስ ረኸቦ እንተተ ገረመ እንተሰንበደ ኣይተሓዞን። ሓቂ'ዩ። መንግስትኻ ዘይከም ካልኦት መንግስታት ምስ ህዝቡ ማይን ጸባን ኮይኑ ዝነብር። ሓላፉ ዘይደሊ ብደረጃ'ቲ ዝተሓተ እቶት ዘለዎ ዜጋ ዝነብሮ ናብራ ዝነብር። ንስለ ህዝቢ ክብል ዝተፈጥረ። ንጽግዕተኝነት ዘይቅበል። ኣብ ሓራ ፖለቲካዊ መስመሩ ዝተኣማመን። ብልኡላዊ መሬቱ ዘይዋገ። እናተባህለ ብቐጻልን ኣስከርቲ ብዝኾኑ ዝተመርጹ ቃላት ዝወሃቦ ዝነበረ ትምህርትን ኣብ መሬት ቀሪቡ ብዓይኑ ዝተዓዘቦን ተወሊዱ ብእግሩ ታተ ዝብል ዘሎ ቆልዓን ዘይተጠንሰ ብሕልሚ ዝተሳእለ ቆልዓን መን ካብ መን ይሓይሽ ኢልካ ከም ምንጽጻር ኮይኑ ክስመዮ፡ ስለዚ ከኣ ጋን ክኸውን ኣብ ቦትኡ'ዩ።

ብርሃነ፡ ካብ ኤርትራ ኣብ ዝወጽኣሉ ዝነበረ ወቕቲ ብዛዕባ ጀምላዊ መቕዘፍቲ 3 ጥቕምቲ 2017 ኣብ ላምፐዱዛ ከም ዝሰምዐ፡ ብኣስመላሽ ኣብራሃ ዝተባህለ ሓላፊ ተለቪዥን ኤርትራ ድማ ነቶም ኤርትራውያን ዜጋታት

ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝኾኑ ስደተኛታት ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም ዝብል ዜና ሰሚዑ ከም ዝነበረ ብምዝካር፡ ኣብ'ቲ መዓስከር ስደተኛታት ምስ ኣተወ ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ከም ዝረኸበ፡ ንሓደ ካልእ ኣብ ከባቢኦም ዝነበረ ኤርትራዊ ጓል ሓውቦኡ ምስ'ቶም ልዕሊ 300 ዝኾኑ ኣብ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ዝጠሓሉ ስለ ዝመተቶ ከመይ ነርደኣዮ ክብል ከም ዝሓተቶ፡ ኣሕ እንታይ ክንገብር ኢልካና  እዚ ባሕሪ ድማ ግደኡ ይገብር። ካብ ሞት ኣምሊጥና እንተበልናስ ናብ ሞት ዕድልና'ዩ። ህይወት ኤርትራዊ ከም ኣብ ዕትሮ ዝተወለዐት ሽምዓ ኮይና። ኣይንነብስና ኣይን ንስድራ ቤትና ተካል ዕጫ ከም ዝበሎ ይገልጽ። ብዝኾነ ነቲ ቤተሰቡ ዝሞተቶ ብስነ-ስርዓት ብኤርትራዊ ባህሊ መሰረት ኣብ ሓደ ስፍሕ ዝበለ ገዛ ወሲዶም ከም ዘርድእዎ፡ ኣውያት ብኣውያት ኮይኑ፡ ሓደ ብዕድመ ድፍእ ዘበለ ሰብኣይ ግን ተንሲኡ ሕጂ ብኽንያት ይኣክል። በኺና ነምጸኦ የብልናን። ሓንሳብ ወሪዱና'ዩ። ኣብ ኩልና ድማ'ዩ ዘሎ። ኣብ ስደት ኢና ዘለና። ሕድሕድና ንቀራረብ ንተሓቋቖፍ። ንዛ ነብስና ንዝሓዝናላ የብልናን ኩልና ናብኣ ኢና ኣጀኹም ጽንዓት ይሃብኩም ሰላም ኢልዎም ከም ዝወጸ ይገልጽሞ ብርሃነ። እዚ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ኣእምሮይ ዘይሃስስ በሰላ ዝገደፈለይ ዘሕዝን ተረኽቦ ይብል። በቲ ተለቪዥ ኤርትራ፡ ኤርትራውያን ግዳያት ኣብ ክንዲ ትብል፡ ነቶም ብሰንኪ'ቲ ሕሱም ስርዓት ካብ ሞት ከም ልጡ ኣብ ባሕሪ ብጃምላ ዝተቐዝፉ ኣሕዋትና ዜጋታት ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክብል ዘቃልሖ እናዛመደ ከምዘስተንተን'ውን ይሕብር።

ሓምሻይ ክፋሉ ክቕጽል'ዩ።

ካብ ዓንደ ብርሃን

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 19-04-2017